ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጁባ ዝመሃዞ ጸጥታዊ ውዲት!! 05/ December/ 2016

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ፡ ዜጋታትና ብኹሉ ኣገባብ ንምቑጽጻር ዝሕግዞ ጸጥታዊ ውዲት ዘለዎ ሓዲሽ ሜላ ክጥቐም ይፍትን ኣሎ። እዚ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ዘለዎ ውዲት ብግብሪ ንምፍጻም ኣቐዲሙ ሓደ ቕጥዒ ዘርጊሑ ኣሎ።

1. ብዛዕባ ውልቐ ዜጋ ብኹሉ መዳዩ መንነቱን ንብረቱን ንምቑጽጻር ዝዓለመ፡ እዚ ዝስዕብ ቕጥዒ Form ክመልኡ ይግድድ።

- ሙሉእ ታሪኽ ሂወቱ። ቖጽሪ ፓስፖርትን ቖጽሪ መንነትን (ታሴራ።)
- እንታይ ትሰርሕ ነይርካ? ብሕጋዊ መንገዲ ዲኻ ወይስ ብስግረ ዶብ ወጺኻ?
- ትውንኖ ዓይነት ንብረት ኢሉ፡ ማኪና እንተለካ ዓይነታን ቑጽሪ ሰሌዳን ( ታርጋ) ትምዝግብ።
- ካልእ ንብረት ትውንን እንተኾይንካ ድማ፥ ዓይነት ንብረትካ ብዝሑን ዋግኡን ገሊጽካ ርእሰማልካ ተመዝግብ።

2. <u>እንታይ እዩ ዕላምኡ ዝብሉ ሰለስተ ምኽንያታት ክጥቐሱ ይኽእሉ፥</u>

**<u>ቀዳማይ</u>**፥ መበገሲ ዕላማ ኤምባሲ ካብ ጸጥታዊ ስግኣት ስለዝብገስ ዝድግፎን ዘይድግፎን ከም መቐጻጸሪ ክጥቐመሉ ይሓስብ።

**<u>ካልኣይ፥</u>** ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ዜጋታትና ኣባላት ናብ ደምበ ተቓዉሞ ከይጽንበሩ ጸቕጢ ንምፍጣር'ዩ። ምኽንያቱ ዝበዝሐ ዜጋ ናይ ፖለቲካ ዑቕባ ሓቲቱ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ስደተኛ ከምዝተመዝገበ ስለዝፈልጡ ንምርግጋጽ'ዩ።

**<u>ሳልሳይ</u>** ምኽንያት፥ ኣብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኤርትራ ዝወሃብ ምስክርነት ከም ተወሳኺ መርትዖታት ንከይህቡ ንምፍርራሕ ዝዓለመ እዩ።

**<u>ስለዚ፥</u>** ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ካብ ናይ ወጻኢ ስለያ ኤርትራ ብዝተዋህቦ ሓበሬታ መሰረት፡ ሓደገኛ ጸጥታዊ ውዲት ዘለዎ ሓዲሽ ሜላ ሚሂዙ ኣቐዲሙ መቖጻጸሪ ቕጥዒ (Form) ቐሪቡ ኣሎ ። እዚ ሓደገኛ ዕላማ ሚሂዙ ንዜጋታትና ምንቕስቓሶም ይኹን ንብረቶም ንምቑጽጻር፡ ብተወሳኺ ድማ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ሓደ ካብ ጸጥታዊ ጸወታኡ ድማ፡ ነዚ ቕጥዕ'ዚ ዝመልኡ እንተተረኺቦም፡ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ዜጋታት ደገፍቲ መንግስቲ ከምዘለዉ ከም መርትዖ ከቕርቦ ነዊሕ ግዜ ክሰርሓሉ ዝጸንሔ ኣገባብ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ከተግብሮ ዝደልዮ ዕላማ ኣለዎ።

ብኣንጻሩ ድማ፥ ብናይ ኤርትራ ፓስፖርት ዝንቀሳቐሱ ኣብ ዓመት ድማ ሓደ ግዜ ዘሓድሱዎ ዜጋታት ክህልዉ ስለዝኽእሉ፡ ነዚ ሓደገኛ መቖጻጸሪ ቕጥዒ ምስዘይመልኡ፡ ፓስፖርትኦም ንምሕዳስ ከምዝኸልከሉ ኣብ ኣብ ግምት ዘእቱ እኩይ ሜላ እዩ።

**መደምደምታ፥** ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጸጥታዊ ውዲትን ሓዲሽ ሜላን ዝሓዘ ቕጥዒ ምስ ትመልኡ፡ ጽባሕ ከም ደገፍቱ ኣብ መዝገቡ ከስፍረኩም እዩ። ሙሉእ ብሙሉእ ድማ ምንቕስቓስኩም ይኹን ንብረትኩም ክቖጻጸረኩም ከም ጂሆ ክሕዘኩም እዩ።

**ስለዚ፥** ከም ውድብ ነቕርቦ ጻውዒትን ንልግሶ ምኽርን፡ ካብዚ ሓደገኛ ጸጥታዊ ውዲት ምልካዊ ስርዓት ንምምላጥ ሓሲብኩም ክትውስኑ። ነቲ ቕጥዒ ነጺግኩም ድማ ከም ስደተኛ ፖለቲካዊ ዑቕባ ሓቲትኩም ሂወትኩም ክትመርሑ ዝሓሸ ኣገባብ ምዃኑ ምኽርና ክንልግስ ጽውዒትና ድማ ከነቕርብ ንፈቱ።

ውድቐት ንእኩይ ጸጥታዊ ሜላ ስርዓት ኤርትራ!! ክፍሊ ዜናን ባህልን

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!! ስሙር ደሞክራስያዊ ግናባር ኤርትራ።

Email: uedf2012@gmail.com 05/ December/ 2016. ወብሳይት፡ www.erifront.com